**Amt für Bildung und Sport**
Fachstelle Sport
Hofstettenstrasse 14, Postfach 145, CH-3602 Thun

Telefon +41 33 225 84 15
sport@thun.ch, www.thun.ch/abs

STADT THUN
**Freiwilliger Schulsport**

## ሓፈሻዊ ሓበሬታ፣ ኣብ ቱን ትምህርቲ ናይ ስፖርት ከመሃር ንዝደሊ።

**ዕላማ፣**

ብድሌት ዝግበር ትምህርቲ ስፖርት፣ ኣብ መንጎ ግዴታዊ ትምህርቲ ስፖርትን፡ ብማሕበር ዝወሃብ ትምህርቲ ስፖርትን ማሰጋገሪ ማርሒ እዩ። ዕላማኡ ድማ ብዝተካኣለ ማጠን ብዙሓት ቆልዑ ብማዲ ወለንታዊ ትምህርቲ ስፖርት ወዲብካ ኣብ ሓደ ማሕበር ምጥርናፍ ኢዩ። እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ስፖርት ንጀመርቲ ኮይኑ ከሜይ ጌርካ ስፖርት ከምትጅምር ንምፍላጥ እዩ።

**ተሳተፍቲ፣**

ኣብቲ ወለንታዊ ትምህርቲ ስፖርት፡ ቆልዑ መዋእለ ሕጻናትን፡ተማሃሮን ክሳተፉ ይኽእሉ። ምምዳብ ናይቶም ተሳተፍቲ ቆልዑ ድማ ብዕድሜኦም ይወሰን።

ኣብ ሓደ መንፈቕ (ሰሚስተር) ብዙሓት ዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ትምህርቲ ክወሃቡ ይኽእሉ'ዮም። ንንኣሽቱ ቆልዑ ግን ኣብ መንፈቕ ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ጥራይ ክወስዱ ንመክር።

እቲ ቀረብ ኣብ ናይ ሓጋይ ጊዜ ካብ መጀመርታ ጽድያ (Frühlingsferien) ክሳብ ዕረፍቲ ናይ ቀውዒ(Herbstferien) እዩ።

**ናይ ትምህርቲ ጊዜ፣**

<u>ናይ ትምህርቲ ግዜ ኣብቲ ናይ </u>ተማሃሮ ምዱብ ትምህርቲ ዝወሃበሉ ጊዜ እዩ።

እዚ ማለት ከኣ ኣብ ዕረፍቲ ሓጋይ(Sommerferien) ማለት ካብ መጀመርታ ጽድያ (Frühlingsferien) ክሳብ ዕረፍቲ ናይ ቀውዒ(Herbstferien) ከምኡውን ካብ ናይ ልደትን ናይ ስፖርትን ዕረፍቲ(Weihnachten und Sportferien) ወጻኢ ኮይኑ ሓደ ጊዜ ኣብ ሰሙን ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 16.30 -19.30 ይካየድ። ተወሳኺ'ውን ኣብ መበዛሕትኡ ናይ ዕረፍቲ ጊዜ እቲ ትምህርቲ ብቀትሪ (ብእዋኑ)ይወሃብ።

**መሪሕነት፣**

እቲ ስፖርታዊ ትምህርቲ ብናይ ስፖርት ክኢላታት ይምእከል።

**ትምህርቲ ዝወሃበሉ ቦታ፣**

ትምህርቲ ዝወሃበሉ ቦታ ከሕበር ኢዩ።

**ክፍሊት ትምህርቲ፣**

ንሓደ ቆልዓ 50.00 ስዊስ ፈረንካ ኮይኑ ኣብቲ ናይ መጀመርያ መዓልቲ ብጥረ ገንዘብ ነቲ/ነታ መምህር ይኸፈል። ኣብ ናይ ዕረፍቲ ጊዜ ዝኽፈል ገንዘብ ከምቲ ጉቡእ ካብ 10 ስዊስ ፈረንካ ክሳብ 40 ስዊስ ፈረንካ ንሓደ ቆልዓ እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ትምህርት`ውን ተወሳኺ ናይ ዕጥቂ ክራይ ብላዕሊ ይኽፈል። ዋጋ ብጹሑፍ ከሕበር'ዩ ተቐማጦ ቱን ዝኾኑ ቆልዑ ወለዶም ሰሚያዊ ካርድ ዘለዎም ካብ ክፍሊት ነጻ እዮም። ዝኾነ ይኹን ናይ ዕጥቅን ማኣርሕን ክራይ ብወለዲ ይኽፈል።

**ኩሎም ካብ ከተማ ቱን ወጻኢ ዝቕመጡ ቆልዑ ንኩሎም ዓይነት ትምህርቲ ዕጽፊ ይኸፍሉ።**

**ምዝገባ ፣**

መመዝገቢ ፎርም ንተቐማጦ ቱን ካብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ቱን ብመንገዲ መምህር ናይ ክፍሊ ወይ ድማ መምህር ናይ መዋእለ ህጻናት ይወሃብ። ኩሉ ንትምህርቲ ዝምልከት ወረቓቕቲ ኣብ ግዚኡ ተማሂኦም ንናይ ክፍሊ ወይ ድማ መዋእለ ሕጻናት መምህር ይወሃብ። ወለዲ ንምዝግባ ናይ ደቆም ብጹሑፍን ፌርማን ከረጋግጹ ግድን እዩ። ደቆም ካብ ቤት ትምህርቲ ቱን ወጻኢ ዝመሃሩ ቆልዑት ስድሮኦም ብቀጥታ በዚ ኢ-መይል *www.thun.ch/schulsport* ብምኽፋት ነቲ መመዝገቢ ፎርም ብምምላእ ናብ ቤት ጽሕፈት ትምህርትን ስፖርትን (Amt für Bildung und Sport, Fachstelle Sport, Hofstettenstrasse 14, ብመንገዲ E-Mail ወይ ድማ ብሰታሪት ደብዳቤ ይልእከዎ።

**ተሓታትነት፣**

ምምሕዳር ቱን ንብድሌቶም ስፖርታዊ ትምህርቲ ዝሳተፉ ቆልዑ ንዘጋጥሞም ሓደጋ ተሓታቲ ኣይከውንን። መድሕን ሂወት ናይ ተሳተፍቲ ሓላፍነት እዩ።

**ኣገዳሲ ሓበሬታ፣**

ኣብ ኩሉም ትምህርትታት ብዝሒ ተመዝገብቲ ዝተወሰነ እዩ።

ቆልዑ ደጋጊሞም ኣብ ሓደ ዓይነት ስፖርታዊ ትምህርቲ ጥራይ ከይምዝገቡ ንመክር።

ንኹሉም ምዝጉባት ቆልዑ ኣብ ናይ ፍርቂ ዓመት ትምህርቲ ንኽካፈሉ ብማስረት ዘሜልከትዎ ብተናጸል (ብወልቂ) ናይ ዕድመ ወረቀት ወይ ሞር ጋገጺ ኣይወሃቦምን።

እንተ ድኣ ቤት ትምህርቲ ስፖርት ምስቶም ምዝጉባት ርክብ ዘይገበረ እቲ ምዝገባ ከም ዕዉት ይወሰድ። እቲ ናይ መደምደምታ ዝርዝር ተካፈልቲ ብግምት ቅድሚ ሓደ ሰሙን ምጅማር ትምህርቲ ብመንገዲ ናይ ክፍሊ ወይ ድማ ናይ መዋእለ ህጻናት መምህር ምስ ተረኣየ እዩ ቅቡል ምኻኑ ዝረጋገጽ።

**ሓበሬታ፣**

ኩሉም ንትምህርቲ ዝምልከቱ ጽሑፋት ፣ መምሪሒታት ከምኡ' ውን ኤሌክትሮኒካዊ መምልኢ ፎርም ኣብ ትሕቲ መመዝገቢ መድረኽ *www.thun.ch/schulsport* ክረኤ ይከኣል።

*Amt für Bildung und Sport, Fachstelle Sport,*
*Tel.033 225 84 15, E-mail: sport@thun.ch*